

# እጃም ኣለካ!

ኣይፋልን ንካናቢስ ዚብል መርገጽካ ኣብ ዝኅበዙ ደቅኻ ጽልዋ’ለዎ።



# መርገጽካ ግደ'ለዎ!

**እዛ መንሹር ትመጸካ ዘላ ዝኅበዙ ደቂ ስለ ዘለዉኻ'ዩ። ንስኻን ዝኅበዙ ደቅኻን ኣብ ተለዋዋጢ እዋን ኢኹም ዘለኹም። ከም ወላዲ ዝኅበዙ ደቂ ብዙሕ ዘተሓሳስብ ነገር ኣሎ። ደቅኻ ሓሽሽን ማሪዋናን (ብሓባር ካናቢስ ተባሂሉ ዚፍለጥ) ዝፈተኑን ዘይፈተኑን ምሕሳብ ኣየርከብካሉን ትኸውን።**

ምጥቃም ካናቢስ ኣብ መንእሰያት ስቶክሆልም: ካብቲ ዝተረፈ ክፋል ሃገር ክብ ኢሉ ይርከብ። እዚ ማለት ግን: ኩላቶም መንእሰያት ካናቢስ ምትካኽ ይፍትኑ'ዮም ማለት ኣይኮነን። እካ ደኣ እቶም ዝበዝሑ ፈጺሞም ኣየትክኹን። ሓደ ካብቶም መንእሰያት ካብ ካናቢስ ዚርሕቁሉ ኣገደስቲ ምኽንያታት ወለዶም ንኽየትክኹ ትጽቢት ስለ ዝገብሩሎም'ዩ። ስለዚ ከም ወላዲ ግደ'ለካ!

---




**ዚበዝሑ ኣብ ከተማ ስቶክሆልም 9ይ ክፍሊ ዚመሃሩ መንእሰያት ናርኮቲክ ፈቲኖም ኣይፈልጡን'ዮም። እቶም ናርኮቲክ ዚፈተኑ ቀንዲ ዘዘውትርዎ ካናቢስ'ዩ። (ሓያለ ዓይነታታት ናርኮቲክ ንምጥቃስ ዕድል ኔሩ'ዩ)። ምንጪ ሓበሬታ።-**
Källa: Stockholmsenkäten 2012

# ነቡኡን ነደኡን ከጕሂ ዚደሊ የለን

ኣብ ሓደ ጕጅለ ሓደ መንእሰይ ዝበሎ።

## ምስ ዝኀበዙ ደቅኻ ተዛረብ

ምስ ደቅኻ ብዛዕባ ካናቢስ ወይ ካልእ ናርኮቲክ ኣልዒልካ ምዝርራብ ቀሊል ኣይኮነን። ቃላትካ መሪጽካ ክትዛረብ ትደሊ፤ ብሕልፊ ደቅኻ ካባኻ ንላዕሊ ዚፈልጡ ኮይኑ ምስ ዚስምዓካ። ስሕት ኢሉ: ግብረ-መልሲ'ውን ኣይትረክብን። ብዛዕባ ኣገዳሲ ነገር ክትዛረብ ኣብ ትደልየሉ ወቕቲ ምናልባት ኣዒንቶም የሸማርሩ ይኾኑ። ዝበዝሑ መንእሰያት ግን ወለዶም ብዛዕባ ካናቢስ ኣልዒሎም ምስኦም ኪዝረቡ ይደልዩ'ዮም። ኩሉሳዕ ከምኡ ኣይመስለካን ይኸውን እምበር: ደቅኻ ናይቲ ዝበልካዮ ጦብላሕታስ ኣለዎም። ምስ ዝኀበዙ ደቅኻ ዘለካ ጽቡቕ ዝምድና ምስ ጽኑዕ መትከልካ ብሓደ ዓብይ ኣገዳስነት ኣሎዎ!

## ብዙሕ ክትፈልጥ ጽዓር

ምምሕዳር ከተማ ስቶክሆልም: ብዛዕባ ካናቢስ ሓበሬታታት ናብ ዝሓዙ ኣድራሻታት ኢንተርነት ዚመርሑ መንገድታት (länkar) ዘሎዎ ኣብ ኢንተርነት ዚርከብ ናይ ጎስጓስ ገጽ ኣዳልዩ'ሎ። ኣንቢብካ ምርዳእ ጽቡቕ ተበግሶ'ዩ። ሽዑ ዝኀበዙ ደቅኻ ካብ ኣዕሩኽቶም: ካብ ፊልም: ካብ ሙዚቃን ኢንተርነትን ንዝሰምዕዎ መጎተ ክትገጥሞ ይቐለልካ።

### ቃል ሓላፊ ማሕበራዊ ጕዳይ



ከም ወላዲ መጠን: እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ሰብ ኣብ ህይወት ደቅኻ ንስኻ ኢኻ! ሓደ ካብ ራእይ ምምሕዳር ከተማ ስቶክሆልም: ንቖልዑን መንእሰያትን ጽቡቕ ዕድል ምፍጣር'ዩ። እዚ ምምሕዳር ከተማ'ዚ: ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ከም ወላዲ መጠን ዘድሊ ደገፍን ምኽርን ይህብ፤ ንኣብነት ከም ንካናቢስ ዚምልከት ጕዳይ። እዛ መንሹር ደገፍ ክትኮነኩም ተስፋ'ገብር!

**ኣና ኮኒግ የርልሚር**
(Anna König Jerlmyr)
**ሓላፊት ማሕበራዊ ጕዳይ**
(Socialborgarråd)

### ጭብጥታት ካናቢስ

ካናቢስ ከም ሓሽሽ: ማሪዋናን ዝኣመሰሉ ተኽልታት ሄምፓ ዚጽዉዑሉ ሓባራዊ ስም'ዩ። ዘይቲ ሓሽሽ ከኣ ካብዚኦም ይስራሕ።

ኣብዞም ተኽልታት'ዚኦም "ቴሆስ" (THC) ዚበሃል ዘስክር ባእታ'ሎ። ካናቢስ ንነዊሕ እዋን ምጥቃም ኣብ ኣካልካ ብብዙሕ መንገዲ ሳዕቤን ኬምጽእ ይኽእል፤ ብሕልፊ ኣብ ሓንጎልካ።

ማሪዋና ሕብሩ ሓምላይ'ዩ፤ ዝነቐጸን ዝተሓምሸሸን ሳዕሪ ኸኣ ይመስሰል። ዚበዝሕ እዋን ሓሽሽ በብንእሽቶ ይሸየጥ፤ ሕብሩ ድማ ካብ ሃሳስ ቡናዊ ክሳዕ ጸሊም ሕብሪ ኪኸውን ይኽእል። እዞም ናርኮቲክ'ዚኦም ዚበዝሕ እዋን ብኢድ ብዝጥቕለል ወረቐት (ከም ሽጋራ) ወይ ብፒፓ ይተኩ። እቲ ዚወጽእ ትኪ ጥዑም ጨና'ለዎ።

ካናቢስ ዘትከኽ ሰብ ዝተዛነየ ኪመስል ይኽእል፤ ብዙሕ ይዛረብን ይስሕቕን፤ ወይ ከኣ ትኽስ ይብል፤ ኣይዛረብን። ጭንቀት: ሕማቕ ስምዒት: ፍርሃታዊ ስምዒትን (panikkänslor) ቅሩጽ ፍርሂ (förföljelsemani) ኪኸሰት ይኽእል'ዩ። ልዑል ትርግታ: ድርቀት ኣፍ: ዓይኒ ምቕያሕ: ልዑል ጥሜትን'ውን ምልክት ኪኸውን ይኽእል'ዩ፤ ግን ሓደ ሰብ ከም ዝተጸልወ ምፍላጥ ኣጸጋሚ'ዩ።

ካናቢስ ኣብ ሽወደን ሕጋዊ ኣይኮነን፤ እዚ ኸኣ ንምሻጥ: ምግዛእ: ምውናንን ምጥቃምን ይምልከት።

ምንጪ ሓበሬታ።- drugsmart.com
(CAN, Centralförbundet för alkohol- och narkotikaupplysning)
cannabishjalpen.se



## stockholm.se/nejtillcannabis

På kampanjsidan finns länkar till mer information om cannabis. Här hittar du också kontaktuppgifter till din stadsdelsförvaltning.

على الصفحة الإلكترونية للحملة، يمكنك أن تقرأ هذه المعلومات باللغة **العربية**

This information can be found in **English** on the campaign website.

На сайте кампании вы можете прочитать эту информацию на **русском** языке.

En la página de la campaña, puedes leer esta información en **español**.

Bogga olo-olaynta waxaad ka akhrisan kartaa warbixintaan oo **af-soomaali** ku qoran.

ኣብቲ ናይ ጎስጓስ ገጽ፡ ነዚ ሓበሬታ'ዚ **ብትግርኛ** ምንባብ ይከኣል'ዩ።.

## ርክብ

ሓሳብ እንተለካ ወይ ትሻቐል እንተ ኾይንካ፡ ኣብ ዘለኻዮ ዞባዊ ምምሕዳር ምስ ዚርከብ ቤ/ጽ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ሓበሬታ ርክብ ኣብዚ ዚስዕብ ኣድራሻ ኢንተርነት ኣሎ፡- stockholm.se/kontaktunga

ምስ "ማሪያ ኡንግዶም" (Maria Ungdom) እውን ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።
08-508 43 710 (**ቀትሪ**)
08-123 47 410 (**ህጹጽ**)

**stockholm.se/nejtillcannabis**

Stockholms stad